# ድሌት ህዝቢ ናይ ልምዓትና መሰረት ከምዝኾነ ኣረጋጊፅና ዕዉት ዕለት ማ.ል.ት ኣብ ላስቬጋስ (ሪፖርት)

ኣቐዲመ በዞም ዝስዕቡ ናይ ላስቬጋስ ማ.ል.ት ስራሕ መካየድቲ ስም እንኳዕ ደሓን መፃእኹም እብል:: ዘርኣይ ኪዳነ፤ ሓድሽ ኣለማዮህ፤ ገብረዮሃንስ ምሩፅ (ሰሎሞን ብርሃን)፤ ገብረመድህን በርሀ፤ ተኽሉ ሓጎስ፤ ተድላ ኣርኣያ::

ኣስዕብ ኣቢለ ማ.ል.ት ክዘርእን ክፍርይን ወይ ካዓ ከልምዕን ዝኻኣለ ህ.ወ.ሓ.ት ዝቐጥቐጦን ዝሓረሶን ባይታ ስለዝረኸበ ከምዝኾነ ንኹላትና ግልፂ ክኸውን ይግባእ:: ኣብዙይ ተደሪኹ ማ.ል.ት ከልምዕ ካብዝጅምር እነሆ 17 ዓመታት ገይሩ ዓበይቲ ኣስተዋፅኦታት እውን ኣመዝጊቡ ኣሎ:: ሕዚ ማ.ል.ት ሒዝዎ ዘሎ ናይ ልምዓት ኣንፈት ፕሮጀክት ማእኸል ዝገበረ እንትኸውን እዙይ እውን ኣብ ላስቬጋስ ንዘለና ተጋሩ ሓድሽ ጉዳይ ዘይኮነስ ንዝሓለፉ 20 ኣዋርሕ ካብ ፅንስ ሓሳቡ ጀሚሩ እንዳሰራሕናሉ ዝመፃእና ከምዝኾነ ንኹላትና ከኹረዐና ይግባእ::

ኣብ ወልቃይት ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ፍሉይ ሽሙ ምድሪ ኣምሓራ ኣብዝበሃል ቦታ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ምስራሕ ጀሚርና እነሆ ኣብ ዝቕፅል ዓመት ተወዲኡ ስርሑ ንኽጅምር ፃዓርዓር ንብል ኣለና:: እዚ ፕሮጀክት በቲ ዝተባሃሎ ጊዜ ንኽውዳእ ምእንቲ ቅድሚ ሕዚ ዘይተመዝገብኩም ንኽትምዝገቡን ሓገዛትኩም ንኽትቅፅሉን እላቦ::

ንምኽዋኑ ፕሮጀክት ማእኸል ዝገበረ ልምዓት እንታይ ማለት እዩ?
በብኽባቢኡ ዝርከብ ሰብ:

> <u>ዓቕሙ ዘፍቅደሉ</u> <u>ባዕሉ ዝስይሞን ዝከታተሎን</u> <u>ግልፂን ፍሉጥን ባጀት ዘለዎ ፍሉጥ መጀመሪን መወድኢን ዕለት ዝተቐመጠሉ</u> <u>ልዕሊ ኹሉ ድማ ናይ ባዕሉ ኣባላት ክከታተሉዎን ሪፖርት ክገብሩሉን ዝኽእሉ ናይ ልምዓት መደብ እዩ::</u>

እዙ ኣሰራርሓ እዙይ ፀፊፉ ክኸይድ ናይ ርክብ መንገድታት ከምዕብሉ ከምዘለዎም ግድን ኮይኑ: እቲ ናይ ህዝብና ናይ ቅድሚት ተስፉ ግና ካብ ሕዚኡ ብሩህ ኮይኑ ይረኣየኒ::

ኣብ ላስቬጋስ ዘለና ኣብዚ ልምዓታዊ ተሳትፎናኽ እንታይ ይመስል? እዚ ቤት ትምህርቲ ናይ ምስራሕ ፕሮጀክት ካብ ዝጅመር ኣብ ዝሓለፉ 20 ኣዋርሕ ከባቢ 20 ሽሕ ዶላር ተኣኪቡ እዩ:: 20 ሽሕ ኣብ 20 ኣዋርሕ ማለት ብወርሒ ሓደ ሽሕ ይእከብ ፀኒሑ ማለት እዩ:: ሒዝናዮ ዘለና ኣሰራርሓ ካብቲ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ኣሰራርሓ ብጣዕሚ ዝተፈለየን ዝሓሸን እዩ::

<u>ምኽንያቱውን:</u>
ነገር እንዳፋሓስካ፤ ነቱ ዝሰርሕ ሰብ ዘይስሙ እንዳሃብካ፤ ትውልዲ እንዳቖፀርካ ቁሽትን መንደርን እንዳፀራሕኻ ዓዱ ከየልምዕ ሞራሉ እንዳኸምካ ካብ ምውዓልን እዙ ፀረ ልምዓት መንገዲ ዘካይዱ ኣብ ድሕሪት ገዲፍካ ከምታ ግመል ናብ ስራሕ ስለዝተኣተወ እዩ::

ኣብ ርእሲዙይ ድማ ወፃኢና ብጣዕሚ ዝተሓተን ብልቢ ዝሰርሑ ኣሕዋትን ኣሓትን ምህላዎም ድማ እቲ ኻልእ ኣዎንታዊ ጎኒ ናይዚ ፕሮጀክትና እዩ::

በዚ ኣጋጣሚዙይ ንሓድሽ ኣለማዮህ ምስ ስድርኡ ከምስግን እፈቱ:: ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዜ ኣብ እንገብሮ ድራር ምሸት ገዝኣቶም ብምጥቃምና ንኻልኦት ዝኽፈል ዝነበረ ብጠቕላላ ከባቢ 3000 ዶላር ክነድሕን ክኢልና ኢና:: እዞም ስድራ እዚኦም ገዝኣቶም ምጥቃምና ጥራሕ ዘይኮነስ ወፈዮኦምን ወርሓዊ ግቦኦምን ቅድም ሰብ ብምኽፋል ዝለዓለ ኣብነታዊ ተራ ይፃወቱ ኽምዘለዉ ክገልፅ እፈቱ:: ኣብ ስደት ኮይኑ ስድርኡ ዘይሕግዝ ብዙሕ ኣይኮነን እዙይ ናይ ኩላትና ሓላፍነት እዩ:: ነታ ዝደኸየት ዓዲ ነቱ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸበ ካልእ ሓጋዚ ዘይብሉ ህፃን ምሕጋዝ ድማ ፍሉይ ግዴታና እዩ::

ብዝኾነ ምኽንያት ብዛዕባዚ ፕሮጀክትና ንዘይፈልጡ ክነፍልጥን እዛ ቤት ትምህርቲ ብእዋና ተወዲኣ ንዓመታ መስከረም ህፃናት ክማሃሩላ ንምርኣይ ኩላትና ክንረባረብ እሓትት::

የቐንየለይ